

# ክንደየናይ ድልዋት ኢኹም እቲ ራድያተር እንተድኣ ዝሒሉን ፍሪጅ እንተድኣ ረሲኑ፧

ኣብ እዋን ከቢድ ማዕበል፡ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ፀገም ወይ ዕጥቃዊ ጎንፂ እቲ ኣቕሊልና እንሪኦ ነገር ምስራሕ ከቋርጽ ይኽእል እዩ፡፡ ስለዝኾነ ምድላው ፅቡቕ እዩ፡፡ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር መግቢ፡ ዝስተይ ማይ፡ ሓይልን ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት እትረኽብሉ ዕድል እዩ፡፡ ቀውሲ ወይ ኲናት እንተድኣ መፅዩ ኩላትና ክንትሓጋገዝ ይግባእ፡፡

## ሓባራዊ ሓላፍነት

መብዛሕትና ማሕበረሰባዊ ኣገልግሎት ኩሉ ግዘ ክሰርሕ ለሚድናዮ ኢና፡፡ ሽወደን ካብ ካልኦት ሃገራት ንላዕሊ ድሕንነታ ዝተሓለወት እያ፡፡ እንተኾነ ግና ንድሕንነትናን ናፅነትና ዘስግኡ ስግኣታት ኣለው እዮም፡፡ እንተድኣ ተዳሊኹም ከበድቲ ነገራት ብዝሓሸ መልክዑ ንክንሓልፍ ይሕግዘና፡፡

ውዑይ ክሌማ ማዕበል፡ ውሑጅን ናይ ዱር ባርዕ ዝኣመሰሉ ካብ ዘስዕቦም ነገራት እዮም፡፡ ኣብ ዓለም ዝፍጠሩ ጎንፅታት ኣብ ኢምፖርት ፅልዋ ከሕድሩን ናይ መግብን መድሓኒትን ሕጽረት ከስዕቡ ይኽእሉ እዮም፡፡ ብዙሓት ተሓከምቲ ዘሕመመ ከቢድ ኢንፌክሽን እንተድኣ ኣሎ ኣብ ኣገደስቲ ኣገልግሎታት ሰራሕተኛታት ሕፅረት ከስዕብ ይኽእል እዩ፡፡ ኣብ ኢንፎርሜሽን ቴክኖሎጂ ስርዓት ፀገም እንተድኣ ተፈጢሩ ኣብ ቀረብ ኤሌትሪክ ፅልዋ ከሕድር ይኽእል እዩ፡፡

ቤት መዘጋጃኹም ካብቶም ካልኦት ነገራት ብተወሳኺ ኣብ እዋን ማሕበራዊ ቅልውላው እውን ቀረብ ማይ፡ ክንክን ዕድመ ዝደፍኡ ሰባት፡ ናይ ምድሓን ኣገልግሎትን ቤት ትምህርቲ ክሰርሑ ናይ ምግባር ሓላፍነት ኣለዎ፡፡ እንተኾነ ግና መን ፈጢርዎ ዝብል ብዘየገድስ ንዓርስኹም እውን ከቢድ ኩነታት ንምፅዋር ክትዳለው ኣለኩም፡፡ እዚ ገፅ ገሊፅኩም ኣብ ገዛ ክትሕዝዎም ብዛዕባ ዝግብኡ ነገራት ማዕዳታት ትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

## ገዛኹም ኣዳልው

ኣብ ኮማዊ ቅልውላው ደገፍ ዝግበረሎም ፈለማ ነቶም ድጋፍ ኣዝዩ ንዘድልዮም እዩ፡፡ ንዝተወሰነ እዋን መብዛሕትኡ ሰብ ዓርሱ ንምክንኻን ክዳለው ኣለዎ፡፡ ንሒደት መዓልትታት፡ ክሳዕ ሰሙን ወይ ዕድል እንተረኺብኩም ልዕሊኡ መዓልቲ ረዳለው፡፡ ኣብ ገዛኹም ንዓኹምን ስድራኹም ብዝጥዕመኩም መንገዲ ተዳለው፡፡ ኣብ ገለገለ ነገራትን ብሓባር ብኸመይ ከም ትዳለው ብሓባር ምስ ኣዝማድኩም ጎረባብትኹም ተዘራረቡ፡፡

### ማዕዳታት!

ኣብቲ በራሪ ወረቐት ቅልውላው ወይ ኲናት እንተድኣ ተኸሲቱ ዝተፈላለዩ ኮማዊ ቅልውላዋት ብኸመይ ዕለታዊ ናብራኹም ከም ዝፀልውን ብዝሓሸ መልክዑ ንምድላው እንታይ ከም እትገብሩ ንምሕሳብ ክተንብቡ ኣለኩም፡፡ ነቲ ብሮሹር ብትግርኛ ንምንባብ፡ ነቲ QR ኮድ ጀርብዎ (ስካን ግበርዎ)።

Myndigheten för samhällsskydd och beredskap

# ክንደየናይ ድልዋት ኢኹም፧

ኣብዚ ሓፈሻዊ ምኽርታት ኣብ ማሕበረሰባዊ ቀውሲ ኣብ ገዛ ክህልው ዝግብኦም ነገራት፡፡ ንዓኹም ንእትፈትዎም ሰባት ዝምቸው ነገር ተጠቐሙን ኣብ ገለገለ ኩነታት ብሓባር ኩኑ፡ ካብ ነንሕድኩም ተለቓቕሑ።

- [ ] ብባትሪ ወይ ብመጠምጠሚ/ሶላር ዝሰርሕ ሬድዮ፡፡ ናይ መኪና ሬድዮ ምርካብ፡፡
- [ ] ላምባዲናን ሄድ ላምፕ ምስ ተወሳኺ ባትርታት፡፡
- [ ] ማይ ንምቕማጥ ፅሩይ ታኒካን ጥርሙስ፡፡
- [ ] ካብ ፍሪጅ/መብረዲ ወፃኢ ዝቕመጥ መግብን ብቐጥታ ወይ ብማይ ዘይበሰሉ መግብታት፡፡
- [ ] ናይ ካምፒ ስቶቭን ነዳዲ፡፡ ኣብ ደገ እንተጥቀምሉ ይምረፅ፡፡
- [ ] ስሊፒንግ ባግ፡ ኮቦርታን ዘሙቕ ክዳውንቲ፡ ናይ ሙቐት ፀምሪ፡፡
- [ ] ክርቢት
- [ ] ሽምዓ፡ ቲላይት ሽምዓ፡፡
- [ ] ናይ ላምባ ፋኑስን ነዳድን፡ ከም ናይ ፋኑስ ላምባ ወይ ኪሮሲን፡፡ ኣስተብህሉ ፅቡቕ ዝኾነ ነፋሻነት ክህልወኩም ኣለዎ፡፡
- [ ] ብኬሮሲን ዝሰርሕ ኣማራፂ ፍልፍል ሓይሊ፡ LPG፡ ዲዝል ወይ ዕንፀይቲ፡፡
- [ ] ናይ ገዛ ፋርማስን ናይ ፅርየት መሳርሕታት (ከም ርሑስ ዋይፕስ)፡፡.
- [ ] ተወሳኺ ባትርን ቻርጅ ዝተገበረ ባንክ፡፡
- [ ] ናይ ክፍሊት መስርዕ እንተድኣ ተቛሪፁ ጥረ ገንዘብ፡፡
- [ ] ናይ ስድራ፡ ኣዝማድ፡ ጎረባብቲ፡ ምምሕዳር፡ ናይ ምድሓን ኣገልግሎት፡ ናይ ኤሌትሪክ ኣቕረብቲ፡ ሆስፒታል ቴሌፎን ቁፅሪ ብወረቐት ዝተፅሓፈ፡፡




## ማይ

ፅሩይ ዝስተ ማይ ኣገዳሲ እዩ። ኣብ መዓልቲ ንሓደ ዓብይ ሰብ እንተወሓደ ሰለስተ ሊትሮ ትፅቢት ግበሩ። ብዛዕባ ፅርየት እቲ ማይ ርግፀኛ እንተዘይ ኮይንኩም ነቲ ማይ ክተፍልሕዎ ይግባእ።

## መግቢ

እኹል ዝኾነ ሓይሊ ክህብ ዝኽእል መግቢ ኣብ ገዛ ምቕማጥ ኣገዳሲ እዩ፡፡

ዘላቕነት ዘለዎን ብቕልጡፍ ክበስል ዝኽእል፡ ብውሑድ ማይ ክበስል ዝኽእል ወይ እንከየብሰልካ ዝብላዕ መግቢ፡፡

## ሓይሊ

ዛሕሊ ኣብ ዝኾነሉ እዋን ኤሌትሪክ ይጠፍእን እቲ ገዛ ብቕልጡፍ ዝሑል ይኽውን፡፡ ንክሞቐኩም ኣብ ሓደ ክፍሊ ተኣኪብኩም ነቲ መስኮት ብኮቦርታ ሸፍንዋ፡ እቲ መሬት ድማ ምንፃፍ ኣንፅፍሉን ኣብ ትሕቲ ጠረቤዛ ገዛ ስርሑ፡፡ ሽምዓ እንተድኣ ወሊዕኹም ብዛዕባ ሓደጋ ባርዕ ሕሰቡ፡፡

## ኮምኒኬሽን

ከቢድ ቀውሲ ኣብ ዝገጥመሉ እዋን ካብ ሓላፍነት ዘለዎም ሰበስልጠን ብቐንዱ ድማ ብ ሰቨርጂስ ሬድዮ ፒ4 ኣቢልኩም ኣገደስቲ ዝኾኑ መረዳእታታት ክትረገኽቡ ኣለኩም፡፡

ብተወሳኺ ኣብ krisinformation.se

ክትሪኡ ወይ ናብ መረዳእታ ህፁፅ መስመር 113 13 ክትድውሉ ትኽእሉ ኢኹም፡፡

ኣብ ህፁፅ ሓደጋ እዋን ናብ 112 ክትድውሉ ኣለኩም፡፡ ብተወሳኺ እውን ምስ ኣዝማድኩም ምርኻብ ክትክእሉ ከም ዘለኩም ኣይትዘንግዑ፡፡

MSB Myndigheten för samhällsskydd och beredskap

www.dinsäkerhet.se/kris-och-krig/